# ቍስሊ ይሓዊ ክፉእ ተግባር ይዝንቢ

## *ዋዛ ምስ ቁምነገር*

ቍስሊ ይሓዊ ክፉእ ተግባር ግና ኣይሓውን ዝበለ ኣንበሳ እዩ ይብሃል። ሓደ እዋን ወዲ ሰብን ወዲ ኣንበሳን ዝጠፍእዎም ሰሰቦም ኪደልዩ፡ እቲ ብገርሁ፡ እቲ'ውን ከምኡ፡ ኣብ ሓደ ርሑቕ ቦታ ተጓነፉ። እቲ ሽግሮም ሓደ ስለ ዝኾነ ድማ ድሕሪ ሒደት ዕላል እምበኣር፡ ኣብዚ ኻብ ኩሉ ርሑቕ ዝኾነን መሮር፡ ሓቢሮም ድኣ ኪቕመጡ ተሰማምዑ። በዚ ክልቲኦም ባህ ኢልዎም ድማ ኪዳን ተኣታተዉ። ክልቲኦም ብምትእምማን ድማ እናተሓላለዩ፡ ኣብ ሓደ ቦታ ተሓቛቝፎም እናተማወቑ ይድቅሱ፡ ተሓጓጕሶም ድማ ይነብሩ ነበሩ።

ግዜ እናሓለፈ ኸደ እቲ ሰብን ኣንበሳን ድማ ጎቢዞም እቲ ክንዲ ሰብ እቲ ድማ ክንዲ ኣንበሳ ኣኸሉ። ሓደ ጊዜ እቲ ሰብ ነቲ'ንበሳ፡ "ኣንታ ኣነስ እምበር ሰበይ ናፊቐ፡" በሎ። ምስኣ ኣልግብ ኣቢሉ ድማ፡ "ክኸይድ እሞ ርእየዮም ክመለስ፡" ኢሉ ዳርጋ ከም ሕቶ ገይሩ ንወደ'ንበሳ ኣቕረበሉ። ወደ'ንበሳ ድማ ትቕብል ኣቢሉ፡ "ጽቡቕ፤ ኪድ ሰብካ ርአ። ኣነ ድማ ክሳዕ እቲ ጥቓ ዓዲ ከሰንየካ እየ፡" በሎ። በዚ ክልቲኦም ተሰማሚዖም ከዱ።

ኣብቲ ጥቓ ዓዲ ምስ በጽሑ ድማ እቲ ወዲ ሰብ ነቲ ወደ'ንበሳ፡ "በል ሕጂስ በጺሕና ኢና እሞ ንስኻ ኪድ ተመለስ፤ ኣነ ድማ ምስ ሰበይ ተረኣእየ፡ ምስኦም ምእንቲ ኸዕልል ድማ ክልተ መዓልቲ ጸኒሐ ክመጽእ እየ፡" በሎ። እቲ ወድ'ንበሳ ድማ "ሕራይ በል እሞ፡ ኣነስ እምበኣር ክምለስ፡ ንስኻ ግና፡ እቲ መገዲ ትፈልጦ ኢኻ፡ ምስ ሰብካ ተጻዊትካ ድሕሪ ኽልተ መዓልቲ ከም እትምለስ ግበር፡ ሕጂ ግና ደሓን ሕደር፡" ኢሉ ተፋንዮዎ ኸደ።

እቲ ወድ'ንበሳ ኸኣ ከም እተመልሰ ኣምሲሉ፡ ኣብታ እቲ ወድ-ሰብ ዝኣተዋ ቤት ብድሕሪት ጽግዕ ኢሉ ተረፈ ኣብኣ'ውን ሓደረ። እቲ ሰብ፡ ወዮ እቶም ሰቡ ሞይቱ ኢሎም ቀቢጾሞ ዝነበሩ ምስ ረኣይዎ ገረሞም። ተተቓባቢሎም ከኣ፡ እቲ ኽሓቖፎ እቲኣ ኸትስዕሞ፡ እዚ ዘይብሃል ሓጐስ ኮነ።

"ኣረ እዚ ኩሉ ኣዋናት ኣበይ ኔርካ? ሞይቱ ኢልና ቀቢጽናስ ሓዘንና ወዲእና፡" ንሱ ድማ፡ "መነባብሮይ ምስ ወድ'ንበሳ እዩ፡" ኢሉ ምስ መን ኣበይ ብኸመይ ከም ዝነብር ኣስፊሑ ገለጸሎም። ኣይስንባድ ኣይምግራም ኰይኖም ድማ፡ ደጋጊሞም "እንታይ ኢኻ ትብል ዘሎኻ?" እናበሉ ኣጥበቕቢቖም ሓተትዎ።

እቲ መጀመርታ ኣብቲ ሕብረተ-ሰቦም ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ኩነት ኰይኑዎም እዩ። ምናልባሽ ድማ ዝጻወት ዘሎ'ውን መሲልዎም ይኸውን። ግና ናይ ልቡ ምዃኑ ምስ ተገንዘቡ፡ ጋን ኰይኑዎም፡ እቲ ነገሩ ምርዳእ ኣበዮም። ምስቲ ኣንበሳ ኣብ ሓደ ቦታ ሓቢሮም ከም ዝነብሩ፡ ተሓቛቚፎም ንሓድሕዶም ተሟዊቖም ድማ ከም ዝድቅሱ ምስ ነገሮም እንታይ ይብል ከም ዘሎ ፈጺሙ ደንጸዎም። ዝብልዎ ጠፊእዎም ድማ፡ "ኣንበሳን ሰብን ድኣ ከመይ ገይርኩም ብሓደ ኣብ ሓደ ትነብሩ? ኣይጽግመካን ድዩ?" ኢሎም ሓተትዎ። ንሱ ድማ፡ "ጸገም የብሉን። እቲ ጸጉሩ እንተ ኾነ ማሙቕ እዩ፡ ተተርኢሰዮ ድማ እየ ዝሓድር። ኣብቲ መጀመርታ እቲ ጨና ትሽቱሹ ምጻሩ ስኢነ ነይረ፡ ደሓር ግና ከም ዘይልመድ የሎን፡ እናለመደኩዎ ኸይደ፡" ክብል ኣካፈሎም።

ነዚ ኹሉ፡ እቲ ወደ'ንበሳ ኣብቲ ጎቦ ገዛ ሸጕጥ ኢሉ ይሰምዕ ነበረ እሞ፡ በቲ ዝሰምዖ ድማ ኣዝዩ ጕሃየ። ኣይእ! ኢሉ ብልቡ እናተከዘ ድማ ንቦትኡ ተመልሰ።

ከምቲ ዝተሰማምዕዎ፡ እቲ ወድ ሰብ ናብ ቦትኡ ተመልሰ። እቲ ወድ'ንበሳ ድማ ብብሩህ ገጽ ተቐበሎ። ብዛዕባ እቶም ዝረኣዮም ሰቡ ከመይ ከም ዘለዉ ተገዲሱ ብለውሃት ሓተቶ።

እቲ ሰብ'ውን ኩሉ ብዛዕባ እቲ ምስቶም ሰቡ ዝነበሮ ግሩም ጊዜ ኣካፈሎ። ሽዑ፡ እቲ ወደ'ንበሳ፡ ኩናት ኣልዕሉ ነቲ ወድ ሰብ፡ "እንካ በዚ ጌርካ ኣብ ቱሽቱሽይ ውግኣኒ፡" በሎ። እቲ ወድ-ሰብ ድማ ኣይስንባድ ኣይምግራም ኰነ። "ደሓንካ ትብል! እንታይ ጌርካኒ ኢለ! ደሓር ከኣ ንዓርከይ በዓል ኪዳነይ ድኣ ከመይ ገይረ ኽወግእ?" በሎ። ሽዑ እቲ ወድ'ንበሳ፡ "እንተ ወጋእካኒ ይሕሽካ። እንተ ዘይኰነስ ሰባቢረ ኽድርብየካ እየ፡" በሎ። ወዮ ሰብ ሰንቢዱ፤ ግና ግዲ ኹይኑዎ ምርጫ ከም ዘይብሉ ተረኢዱኡ ነቲ ኩናት ተቐቢሉ እናፈርሀ፡ ብራዕዲ ወርዊሩ ነቲ ወግኡ። ሽዑ እቲ ወደ'ንበሳ ብቕንዛ ገጹ እናኣሳሰረ፡ "እምበኣር ካብዚ ንንየው ቁስለይ ክሳዕ ዝሓዊ፡ ኩሉ ዘድልየኒ እናሃብካ ተኸናኸነኒ፡" በሎ።

እቲ ሰብ፡ እቲ ነገር ኣይተረድኦን፡ ግና ንወድ'ንበሳ ክሳዕ ዝሓዊ እናዓንገለ ተኸናኸኖ። ሽዑ ምስ ሓወየ፡ እቲ ወድ'ንበሳ፡ "ስሚዕካዶ ዓርከይ፡ ቍስሊ ሓዋዩ እዩ። ክፉእ ግብሪ ግና ኣይሓውን። ርኣ፡ እዚ ብኹናት ወጊእካ ዘቍሰልካኒ ድሮ ሓውዩ እቲ ቓንዛ'ውን ተረሲዑ። እቲ ምስ ሰብካ ኹንካ ብዛዕባይ ዝበልካዮ ዘሕምም ሕሜታ ግና ክሳዕ ዝኹነ ይኹን እዋን ዘይሓዊ ግናይ ነገር እዩ፡" በሎ። ጽንሕ ኢሉ ሽዑ፡ "እሞ፡ ንስኻ ናብ ወገንካ ኺድ ኣነ ድማ ናብ ወገነይ ክኸይድ እየ፡" ኢሉ ተፋነዎ ይብሃል።

**እቲ ነጥቢ . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .**

ኣብ ባህልና፡ እቲ ንንኣሽቱ ዝንገር ትምህርቲ ሓዘል ዝኾነ ጽውጽዋያት ዳርጋ ኹሉ እንስሳታት ተዋሳእቲ ኣለዉዎ። እዚ ናይ ሎሚ ድማ እንተ ወሓደ ክልተ ዓበይቲ ነጥብታት ዝሓዘለ ይመስል። በቲ ሓደ ወገን፡ እቲ "ኣይትጥለም ኣማኒኻ፡ ከይጠልመካ ፈጣሪኻ" ዝብል ምስላ ለባማት ኣቦታትና፡ ከመይ ዓሚቕ ምኽኑ የርኢ። በቲ ሓደ ኻልእ ወገን ድማ፡ ምስዘይ መቋርንትኻ ምቁራን፡ ከቢድ ምኽኑን፡ ኣብ መወዳእትኡ እውን ንኹሉ ስቓይ ከም ዘኸትል የርኢ። እቲ ንህይወትና ዝምልከት እንነብሮ ናይ ሕጂ ውሳኔ፡ ኣብቲ ናይ መጻኢና ዓቢ ግደ ዝጻወት፡ ደሓር'ውን እንኮ ወሳኒ ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ ኣብ እንነብሮ ኣድላዩ ዝኾነ ውሳኔታት ከመይ ብዓሚቕ ምሕሳብን ብዓቢ ጥንቃቐን ብምስትውዓልን ከም እንነብሮ ንኸን ግንዘብ ዘዘኻኽር ዓቢ ትምህርታዊ ጽውጽዋይ እዩ።




**Be a SPONSOR for "Besserat"**
**to reach those yet to be reached.**

| | |
|---|---|
| - 5 magazines | $ 65.00 a year. |
| - 10 magazines is | $ 120.00 a year. |
| - 15 magazines is | $ 175.00 a year. |

You may also subscribe as a gift for the ones you care. Be a part of the ministry . . . You will be glad you did.

**REMINDER**:
Have you sent in your annual subscription? If you did not it is not too late to do so (don't mail cash, make cheques payable to BES. Mailing address is 142 King Avenue, Columbus, OH 43201)